# ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

## ውሃቢ ቃል ሰክረታርያ ጉባኤ
## ዕለት 22.02.2007

### *ሓሙሻይ መዓልቲ፦ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ውሳኔታት ጉባኤ፡ ምቛም ማእከላይ መሪሕነት፡ ደምዳሚ ኣዋጅን መዕጸዊ ኣኼባን*

ካብ ዕለት 19-20 ለካቲት 2007 ኣብ ጉባኤ ዝተዘርበሎም ኣጀንዳታት ሃገራዊ ዋዕላ፡ ውሳኔታት ጉባኤ፡ ምቛም ማእከላይ መሪሕነት፡ ደምዳሚ ኣዋጅን መዕጸዊ ኣኼባን ዝብሉ ነበሩ።

ሃገራዊ ዋዕላ ብዝምልከት፡ ጉባኤ፡ ካብ ሕጂ ንነጀው "ኤርትራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ" ብዝብል ኣጸዋውዓ ክትካእ ጉባኤ ወሲኑ። ብተወሳኺ፡ ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ወጻኢ ካብ ኤ.ዲ.ኪ ዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባትን፡ በርገሳውያን ማሕበራትን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራን ዝሳተፍዎ ኤርትራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክሳዕ ምዝዛም ናይ 2007 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ክካየድ ጉባኤ ወሲኑ።

ኣስዒቡ፡ ኣብ መንፈስ ናይ ቻርተርን ኣብ ጉባኤ ዝተዘርበሎም ጉዳያትን ኣመልኪቱ ጉባኤ ብርክት ዝበሉ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ። ገለ ካብ'ቲ ውሳኔታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ንመሬት ዝምልከት ብስርዓት ኢሳያስ ክውሰድ ዝጸንሐን ዘሎን ውሳኔታት ዘይሓጋዊ ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፤ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ መሬቶም ብሓይሊ ዝተመንዘዐ ዜጋታት፡ ብፍትሓውን ሕጋውን ኣገባብ መሬቶም ክምለሰሎም፤
2. ክሳዕ መወዳእታ 2007 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ኩሎም ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባትን በርገሳውያን ማሕበራትን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብናን ዝሳተፍዎ ኤርትራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ፤
3. ውክልና ውድባት ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ማዕረ ክኸውን፤
4. ሓድሽ እተመርጸ ማእከላይ መሪሕነት ንጉዳይ ስደተኛታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ሊብያ ተኣሲሮም ዘለዉ ድማ ብፍላይ ዓቢ ኣቓልቦ ብምሃብ ክንቀሳቐሰሎም …ወዘተ ዝብሉ ነበሩ።

ቀጺሉ፡ ነፍስወከፍ ኣባል ውድብ 2 ወከልቱ ባዕሉ ብምምዛዝ 22 ዝኣባላቱ ማእከላይ መሪሕነት ቆይሙ። ብድሕር'ዚ ደምዳሚ ኣዋጅ ጉባኤ ተነቢቡ፡ ንክትዕ ወሪዱ። ዝተፈላለየ ምትዕርራይ ድሕሪ ምግባር ድማ፡ ብምሉእ ድምጺ ጸዲቑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ወከልቲ ምትሕብባር ፎረም ሰንዓን፡ ዝተፈላለዩ ናይ ኤርትራውያንን ናይ ኢትዮጵያ ዜና ማዕከናትን ኣባላት ዝተፈላለያ ውድባትን ዝተጸንበርዎ መዛዘሚ ኣኼባ ተኻይዱ።

ኣብ መዛዘሚ ኣኼባ፡ ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ጉባኤ፡ ብጻይ ኣርሀ ሓመድናካ፡ ንዕዱማት ኣጋይሽ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምምሕልላፍ፥ ብዛዕባ ከይዲ ጉባኤን ዝተዘርበሎም ኣገደስቲ ጉዳያትን ዝተመሓላለፉ ውሳኔታትን መግለጺ ሂቡ። ስዒቡ፡ ደምዳሚ ኣዋጅ ካልኣይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብትግርኛን ዓረብኛን እንግሊዘኛን ተነቢቡ።

ኣስዒቡ፡ ክቡር ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን፡ ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ምትሕብባብር ፎረም ሰንዓ ናይ ደገፍ መግለጺ ኣቕሪቡ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብጻይ መሓመድ ኣሕመድ፡ ብስም ኣብ ጉባኤ ዝተሳተፉ ተዓዘብቲ፡ እቲ ጉባኤ ዓበይቲ ጉዳያት ብግልጽነት ዝተዘርበሎምን ርሱን ክትዓት ዝተኻየደሎምን ምንባሮምን፤ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከምእተዛዘሙን መስኪሩ።

ወጻኢ ካብ'ዚ ንጥፈታት'ዚ ድማ፡ ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ጉባኤ፡ ብጻይ ኣርሀ ሓመድናካ፡ ምስ ናይ ኤርትራውያን ናይ ዜና ማዕከናት፤ ከምኡ ውን፡ ብጻይ ኣርሀ ሓመድ ናካን ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮምን ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ዜና ማዕከናት ብምርኻብ ጋዜጣዊ መግለጺ ከምዝገበሩ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ቀኑብ መዓልታት ድማ፡ ማእከላይ መሪሕነት ተኣኪቡ፡ ኣባላት ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነትን ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ክመርጽ ኢዩ።